# ራእይ ዮሃንስ

## 2፡ 12 - 17

<u>ኣርእስቲ</u>፡ ትእምርቲ ማሕበር ጰርጋሞስ ረኹንቲ ክርስትናኦም

ርኻን ጽሩይ ነይሩ ረሳሕ ክዳን ምስ ኣተዎ እተበላሸወ ማይ እዩ። ክርስትያናት ናይ ጰርጋሞስ ድማ ነቲ ትእምርቲ ናይ እምነቶምን ህይወቶምን ብቑናን ትምህርቲ ብምቕጣን ዝረኸሉ እዮም። ይስተር!! ረኹንቲ ከይንኸውን፡ መለበሚና ይኹኑ።

1. ከተማ ጰርጋሞስ፡

በቲ እዋን እቲ ኣብ ጰርጋሞስ ክርስትያን ምዃን ፈተና እዩ ነይሩ።

2. ማሕበር ጰርጋሞስ፡ (ራእይ 2፡12)

ወንጌል ንመጀመርያ ጊዜ፡ ብዘበን ሃዋርያት ኣብ ጰርጋሞስ ከም ዝኣተወ ብመሰረት መጽሓፍ ግብረ-ሃዋርያት ንግምት (ራእይ 2፡12-17) ትእምርቲ ማሕበር ጰርጋሞስ ናይ ቤተ ክርስትያን፡ 300—500 ድ.ል.ክ. ዝነበረ ይህበና። ነዚ ክርስትያን ሃይማኖት ብዓለም ተጀሊሖ እተረኽነሉ ሰሚናዮ ኣሎና።

3. መን እዩ የሱስ ክርስቶስ ንማሕበር ጰርጋሞስ ንሱ ባዕሉ ከም ዝብሎም? (ራእይ 2፡12) "እቲ ኽልተ ዝኣፉ በሊሕ ሰይፊ ዝሓዘ" ዚብል ሓረግ፡ መንነት የሱስ ክርስቶስ ንማሕበር ጰርጋሞስ ዘተኹረልና ባህላዊ ኣዘራርባ ናይቲ ሽዑ ዘበን ንመልከቶ። እቲ ሰይፊ ክርስቶስ ጐዲም ከይከውን በሊሕ፡ ሓርሒሩ ኣቛሲሉ ከይቈረጸ ዝሓድግ ኣይኰነን። እቲ ትእምርቲ ብልሑ ብትኽ ዝበለ ሓቅነቱ የመልክት። ብሓደ ወገኑ ጥራይ ዝቘርጽ ድማ ከይከውን ክልተ ዝኣፉ እዩ። እዚ ማለት፡ ብዛዕባ ሓቂ ኣንጕል ገይሩ ዘይሓድገካ እዩ። ስለዚ ዘትርፎ ሓቂ ወይስ ዘምልቖ ሓሶት የብሉን። በሊሕን ምሉእን ዘይሽምገልን ሓቂ ዘለዎ ክርስቶስ ምዃኑ ማሕበር ጰርጋሞስ ክፈልጡ፡ ንሕና'ውን ከምኡ።

እቲ ሓቂ ክርስቶስ ዝሓዘ ክርስትያን ድማ ከም ክልተ ዝኣፉ በሊሕ ሰይፊ ድኣ እምበር ንኸባቢኡ ክመስል፡ ነፍሱ ከድሕን ኢሉ ከም ነፋሒቶ ዝለዋወጥ ኣይኰነን። እዚ ንሓንሳእ ብዘየድሊ ተሪር፡ ዘይሽምገል ምዃን፡ የምስለካ እዩ። ስለዚ እቲ ክርስትያን ዝሽምገልን ዘይሽምገልን፡ ማእከላይ መርገጽ ዘድልዮን ዘየድልዮን ከለሊ ናይ ግድን እዩ። ጸጋ እናዓቀብካ በዓል ንጹር መተክል ክርስትያን ምዃን ይሓትት። ኣብ ጰርጋሞስ መትከሉ ዘነጸረ ክርስትያን ምዃን በቲ ሕብረተ-ሰብን ብመንግስትን በቶም እምነቶም ዝረኸሉ ክርስትያናት ፈንጠጋር ወይ በዳሂ ተባሂልካ እትጽረፈሉ እዋን እዩ ነይሩ።

4. ናእዳ የሱስ ክርስቶስ ንማሕበር ጰርጋሞስ ብሰለስተ ሓበሬታታት (2፡13-17)

4.1. ንኣመንቲ ማሕበር ጰርጋሞስ፡ እፈልጥ ኣሎኹ "ኣበይ ከም እትነብር ማለት፡ ኣብቲ ናይ ሰይጣን ዝፋን ዘለዎ ምዃኑ" ይብሎም። ኣመንትን ስዓብትን ክርስቶስ ስለ ዝኾንኩም፡ እቲ ፈታኒ ኣሳቕዩ ወይ ብኻልእ ኣገባብ ክትጠልሙ ዝፍትነኩም ዘሎ እፈልጠ ኣሎኹ ይብሎም። ከም ዝደንገጸሎም ይነግሮም። እዚ ግና ንዝኾነ ዓይነት ወድቀትን ጥልመትን ምኽንያት ኣይኰነን እሞ፡ "ክሳዕ ሞት እሙን ኩን" ይብሎም። ጰርጋሞስ ኣምሪራ ኣንጻር ክርስትያናት ብምዃና፡ የሱስ ክርስቶስ፡ ዝፋን ሰይጣን ዘሎዋ ከተማ ኢሉ ሰምዩዋ። ኣብ ጰርጋሞስ ክርስትያን ምዃን፡ ኣብ እንዳ ሰይጣን ኣቲኻ ከም ምብዳህ ገይሩ ይምስሎ። ኣመንቲ ናይ ጰርጋሞስ፡ ክርስትንኦም ክኽሕድዎ ወይ ድማ ክርኹንዎ እተፈተኑ እዮም። ከምቲ እቲ ተመን ንሄዋንን ኣዳምን፡ ንኣምላኽ፡ ኣብ ክንዲ ከምቲ ዝሃቦም መምርሕስ ከም ድላዮም ገይሮም ክስዕብዎ ምኽሩ ክሰምዑ እተፈተኑ እዮም (ዘፍ 3፡1-13)።

4.2 ካልኣይ፡ እፈልጥ ኣሎኹ "ንስመይ ኣጽኒዕካ ሒዝካዮ ኣሎኻ" እናበለ ሓጐሱ ይገልጸሎም። ማለት፡ ክርስቶስ መን ምዃኑ፡ ስጋ ለቢሱ እተገልጸ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ፡ ዘጽንዕዎን ዝቐጸልዎን ነይሮም። ሰዓብቲ ክርስቶስ ምዃኖም፡ ኣባላት

ማሕበሩ ምኝዖም ኣዳዕዲዕም ኣርእዮምዎ። በዚኣቶም ክርስቶስ ባህ ኢሉዎ (1ይ ጴጥ 4፡12-16)።

4.3 ሳልሳይ፡ (2፡13) እፈልጥ ኣሎኹ፡ “ንእምነተይ እኳ ኣይከሓድካያን፡” ኣነ ንኣመንቲ መድሓኒ ምኻነይ፡ ወዲ ኣምላኽ ምኻነይ፡ ንስኻ ድማ እምነትካ ኣባይ ከም ዝገበርካዮ፡ ክትክሕድ፡ ክትጠልም ተፈቲንካስ እምብለይ ኢልካ። ካብ ምኽሓድ ሞት ከም ዝሓረኻ፡ ኣንቲጳስ ብሰማእትነት ዳርባ እምኒ ዝሞተ ኣብነት እዩ። እቲ ካህን (ጓሳ ማሕበር ወይ ፓስቶር) ናይ ጵርጋሞስ፡ ገሊኦም ኣመንቲ ናይ ጵርጋሞስ ባህሪሮም ካብ እምነቶም ኣይሃደሙን፤ ኣይከሓዱን።

5. ግናኸ ሓያሎ ኣመንቲ፡ እቲ መሪር ፈተና ምስ መጸ ከም ኣንቲጳስ ክሳዕ ሞት ኣብ እምነቶም ኣይጸንዑን። ኣይኽሓዱ ድኣ እምበር፡ እምነቶምሲ ረኺኖም። ከመይ ገይሮም? (2፡14-15) ከም ዝሕብሮ ብኽልተ መገዲ፡ ምህሮ በልዓምን ምህሮ ኒቆላውያንን ዝሓዙ ነይሮም። ነዚ ድማ እዩ “ረኺበልካ ኣሎኹ” ዝብሎም።

ብዛዕባ ምህሮ በልዓም ኣብ ኦሪት ዘሁልቍ ኣብ ምዕራፋት 22 - 25 ኣስፊሑ እዩ ዝዛረብ። በልዓም፡ ምእንቲ ዓስቢ፡ መስሓቲ ዝኾነ ምኽሪ ዝመኸረ ነብይ እዩ ነይሩ። ምህሮ በልዓም፡ ነቲ ኣትኪልካ ከተሕምቕ ዘይክኣልካ ህዝቢ ኣምላኽ፡ ብፈተና ኣስሊልካ ዕጥቁ ኣፍትሓዮ ይብል። በልዓም፡ ንንጉስ ባላቅ፡ ንደቂ እስራኤል ተዋጊኡ ከም ዘይክእሎም ግናኸ ከመይ ገይሩ ከም ዘበላሽዎም፡ ካብ መገዲ ኣምላኽ ከም ዝርሕቑ፡ እሞ ከም ዝርገሙ ኽገብሮም ተንኰል ምሂሩዎ።

ኒቆላስ ድማ ነቲ ነውርስ ከም ትምህርቲ ገይሩ ዘቕረበ ቀሺ እዩ። ኣብ በዓላት (ፌስታ) ጣኦታት ምስቲ ሕብረተ ሰብ ምክፋል ጌጋ የብሉን። ልክዕ ከምቲ እቲ ተመን ንሓሳባት ሄዋን ዝመረዘ፡ ብስምምዕ እተገብረ ጾታዊ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ርክብ ድማ ነውሪ የብሉን ኢሉ ዝምሃረ እዩ።

ዘበን ጵርጋሞስ ትእምርቲ ናይ ብልሒ ሓቂ ወንጌል ዝጐደመሉ፡ ሸለልትነት ዝዓብለለሉ፡ እቲ ፍቕሪ ንዓለምሲ ጸላኢ ኣምላኽ ምኻን እተረስዓሉ፡ ምምሕዛው ምስ ዓለም ቅቡል ዝኾነሉ እዩ ነይሩ። ናይዚ ቀንዲ መሳወርቱ ዝነበሩ ድማ ኒቆላውያን እዮም። ከምቲ ቀደም በልዓም ዝገበሮ፡ ኒቆላውያን ሓሳባት ኣመንቲ ረኺኖምዎ።

እዚ ማሕበር ዘበላሹ፡ በልዓማዊ-ኒቆላዊ ስሕተት፡ ካብቶም ሓሳብ ክርስቶስ ክመልከም ዘይሓደጉ መራሕትን ምእመናንን ድኣ'ምበር ካብቶም ጸላእቲ ብግዳም ዝመጸ ኣይኰነን። ጽቡቕን ቅኑዕን ዝገብሩ ዝነበሩ ኾኣ ይመስሎም ነበረ። ብዘበን ብሉይ ኪዳን በልዓም፡ ብዘበን ሓዲስ ድማ ኒቆላስ ምእመን ኣስሒቶም። እቲ ኒቆላውነት ኣበይ ከም ዘውድቕ ብዛንታ በልዓምን መርገሙን ለቢምኩም ተጠንቀቑ እዩ ዚብለና ዘሎ።

6. በቲ ዝንኣድሉ ምስ ንኣዶም፡ በቲ ወዲቖ ምሉን ሰኒፎምሉን ዝነበሩ ኣለለዮም ኣብ ጽቡቕ መስመር ክምለሱ ብዘይምቕብጣር፡ ብዘይ ምኽናን “እምብኣርከስ ተነሳሕ” ይብ ሎም (2፡16)። እቲ ጽቡቕ ናይ ወንጌል፡ ምሕረት ድኣ እምበር፡ ፍርዲ ኣይኰነን ዘቐድም። ብጐይታ እንረኽቦ ምሕረት ናትና ምንሳሕ ይሓትት እዩ እሞ፡ ምሕረትን ዕርቅን ዝተዓረየ ሕብረት ምስኡን ነንሓድሕድናን ክኾነልና ተሓጉስና ኣብ ግብሪ ነውዕሎ።

እንተ ዘይተነሳሕካኸ (2፡16)? ነቲ ምንሳሕ ዝኣበየ እቲ ባዕሉ ምሕረት ዝወፈየ የሱስ ክርስቶስ ሰይፉ ዓጢቑ ዝመጽእ ተቓዋሚኡ ይኸውን። ከምቲ ምንሳሕ ምርጫና ዝኾነ፡ ዘይምንሳሕ ድማ ናትና ምርጫ እዩ። ኣየ ኾታ እንተ ንልብም እሞ፡ ብምሕረቱ ድማ እንተ ንሕጐስ!

ምንሳሕ ወይ ዘይምንሳሕ ናትና ምርጫ እዩ። ናይ ክልቲኡ ሳዕቤን ግና ኣብ ኢድና ኣይኰነን። እንተ ምሕረትን ዕርቅን ረኺብና ክንሕጐስ ወይ ድማ መርገምን መቕጻዕትን ክወርደና፡ ሳዕቤናቱ፡ ኣብ ኢድ ካልእ፡ ኣብ ኢድ ክርስቶስ ባዕሉ እዩ። ስለዚ እዩ ነቶም እምቢተኛታት “ቀልጢፈ

ኽመጸካ እየ” ኢሉ ዘጠንቅቆም። ንእምቢተኛ ሸለል ኣይክብሎን፡ ሱቕ ኢሉ ኣይክርእዮን እዩ።

እንታይ ኽገብር እዩ? ነቶም እምቢተኛታት ኒቆላውያን “ብሰይፊ ኣፈይውን ኪወግኦም እየ” ይብል (2፡16)። ኣምላኽ ብእተፈላለየ ኣገባባት ይቐጽዕ እዩ። ንኒቆላውያን፡ ናይ ሓሶት ትምህርቶም ከጋልጾም፡ ኪኹንኖም፡ መከራ ከውርደሎም እዩ። ስለዚ ኣይንዘንግዕ። ዝቔጻጸረና ኣምላኽ፡ ስጕምቲ ዝወስደልና ኣምላኽ ኣሎ።

7. (2፡17) ተጠየቕቲ ምኽንና የዘኻኽረና። “እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ” ይብል። ነፍስወከፍ ሰብ፡ ኣምላኽ ተዛሪቡ እዩ እሞ። ተጠያቒ እዩ። መቕለብቲ ክንከውን ናትና ሓላፍነት እዩ። መን ዝብሎ ኢና ክንሰምዕ? ሰብ ዝብለካ ምስማዕ ዋጋ ኣለዎ። ዝዓበየ ግና መንፈስ ቅዱስ ተዛሪቡ ኣሎ ይብለና። እሞ፡ መን ምኽኑ ፈሊጥና ነቲ ዝብለና ነቕልበሉ። መንፈስ ቅዱስ ንነፍስወከፍ ሰብ፡ ንነስወከፍ ምእመን፡ ንነፍስወከፍ ማሕበር ከም ዚዛረብ ይነግረና ኣሎ።

ኣምላኽ ብቓሉ ተዛሪብዎም ዝሰምዑ፡ ዘቕልቡ፡ ዝእዘዙ፡ ምስኡ ክተት ኢሎም ንዝዕወቱ ዘብሉ፡ ክልተ ዓበይቲ በረኸታት የተስፍዎም። “ነቲ ዝስዕር ካብቲ ስዉር ማና ኽህቦ እየ” ኢሉ የተስፍዎ። ማና ኣብቲ መግቢ ዘይነበሮ በረኻ፡ ኣብቲ እዋን ከርተቶም፡ እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ከየቋረጸ ዘዳ ለወሎም መግቢ እዩ ነይሩ (ዘጽ 16፡ 13-35)። ሰባት ዘይህብዎ፡ ሰባት ዘይከልእዎ ዕለታውን፡ መንፈሳውን፡ ዘቕስንን ሽሻያት ንደቁ ከም ዘዳልወሎም የተስፍዎም። ካልኣይ፡ “ነቲ ዚስዕር (ኣማኒ) ጻዕዳ እምኒ ድማ፡ ብዘይ እቲ እተቐበላስ፡ ሓደ እኳ ዘይፈልጦ ኣብታ እምኒ እቲኣ እተጻሕፈ ሓድሽ ስም ክህቦ እየ” ይብል። በቲ ቀዳማይ ነቲ ኣምኒ ሓልዮት ኣምላኽ ከም ዘይቋርጸ ኣተስፍይዎ። በቲ ካልኣይ፡ ኣምላኽ ንነፍስ ወከፍ ኣማኒ፡ ከም ኣባል ማሕበር ጥራይ ዘይኰነስ፡ ከም ፍሉይ ውላዱ ገይሩ ከም ዝፈልጦን ከም ዝሓልየሉን ከረጋግጸሉ ምኽኑ ይሕብረልና።

1. ካብ ትእምርቲ ኤፌሶን እንምሃሮ፡ ሓቀኛ ኩን። ግናኸ፡ ኣብ ጸልማት እዩ ዘውድቕ እሞ፡ ሓቀኛ ክኸውን እየ ብምባል፡ ክርስቶሳዊ ፍቕሪ ኣይተጥፍእ።

2. ካብ ስሚርና እንምሃሮ፡ ሓቀኛን ፈቃርን ምኻን መሪር ሳዕቤናት፡ ክሳዕ ሞት ዘብጽሕ ኣለዎ። እንተ ኾነ’ውን በቲ ግቡእ ኣገባብ፡ ብሓቅን ብፍቕርን ዝስዕር፡ በረኸት ኣለዎ። ኣኽሊል ህይወት እዩ ዘልብስ እሞ፡ ኣጆኹም ይብለና።

3. ካብ ጴርጋሞስ እንምሃሮ፡ ሓቂ ወይ ፍቕሪ ብምቕጣን መምርሒ ዝገብር ማሕበር፡ ክልቲኡ ኣይረክብን። ክርስቶሳዊ መንነቱ ኣጥፊኡ በልዓማዊ ወይ ድማ ኒቆላዊ እዩ ዝኸውን እሞ ክርስትናኻ ኣይትረሸን እዩ።

ሓቂ ምስ ፍቕሪ - ኤፌሶን
ሓቅን ፍቕርን ምስ መስቀል - ስሚርና
ሓቅን ፍቕርን ብማእከላይ
መርገጽ ዘይምቕጣን - ጴርጋሞስ

ይቕጽል . . . .>